ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ

Council of Catholic Hierarchs - Eritrea

ኣሥመራ፣ 12 ኅዳር፣ 2024

ብፁዐን ጳጳሳት፣ ክቡራን ካህናትን ውፉያትን፣ ፍቁራትን ፍቁራንን ምእመናን ክርስቶስ፣

*"ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኩልኻትኩም ይኹን" (2ተሰ 3:18)።*

ከምቲ ቅዱስ ያሬድ ኣብ ጾመ ድጓ ዝበሎ፣ *"ወሪደየ ብሔረ ሮሜ፣ ርኢክዎ፣ ኣእመርክዎ ወኣፍቀርክዎ ለቤተክርስትያኝ"*፣ ኣነውን ንሮማ ወሪደ ንቤተክርስትያን ርእየያ፣ ፈሊጠያን ኣፍቂረያን ክብል እኽእል። ኣብቲ ጉባኤ ዝነበሩ/ራ ተሳተፍቲ ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ፣ ዝተፈላለየ ቋንቋን፣ ሥርዓትን፣ ባህልን ዘውንኑ፣ ጳጳሳት፣ ካህናት፣ ውፉያት፣ ምእመናን ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፣ ሰበኪዳንን መንእሰያትን እዮም ዝነበሩ። ብሓጺሩ፣ ብንኡስ መልክዓ ደኣ ይኹን እምበር፣ ነታ ብተካኢ ቅዱስ ጴጥሮስ፣ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ፍራንቸስኮስ እትምራሕ፣ **ሓንቲ ቅድስቲ፣ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት** ቤተክርስትያን ርእየያን ንሓደ ወርሒ ኣስተማቒረያን ክብል እኽእል።

እዚ ማለት ከኣ፣ ኣብቲ ካብ ዕለት 30 መስከረም ክሳዕ 27 ጥቅምቲ 2024 ዓ.ም.ፈ.፣ ኣብ ከተማ ቫቲካን ዝተኻየደ፣ ካልኣይ ምዕራፍ መበል 16 ጠቕላሊ ጉባኤ ሲኖዶስ ጳጳሳት፣ ብስም ኩልኹም ከም ዝተሳተፍኩ ኩልና ንፈልጦ ጉዳይ እዩ። ቅድሚ ምብጋስይ እውን ናብ ኩልኹም መልእኽቲ ብምጽሓፍ እቲ ሲኖዶስ ዕዉት ምእንቲ ክኸውን ብዘየቋርጽ ጸሎት ከተሰንዩዎ ሓደራ ኢለኩም እየ። ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኣባላታ'ውን ከማኡ ከምዝገበሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም ተሳተፍቲ ሲኖዶስ ከኣ ብናይ ክልተ መዓልቲ ሱባኤ (30 መስከ-1 ጥቅምቲ) ተበጊስና፣ ካብ 2- ክሳዕ 26 ጥቅምቲ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ድሕሪ ምጽማድ፣ ኣብ መጨረሽታኡ፣ ሰንበት ዕለት 27 ጥቅምቲ ብመስዋዕተ ቅዳሴ ጉባኤና ብሰላምን ብዓወትን ስለ ዝዛዘምና ተራ ጸሎትኩም ኣዝዩ ዓቢይ ከምዝነበረ ከረጋግጸኩም እፈቱ። ስለቲ ኩሉ ዘዕረግኩምዎ ጸሎት ብልቢ ኣመስግነኩም። ባዕሉ መድኃኔ ዓለም፣ ጻማኽን ይሃብክን፣ ጻማኹም ይሃብኩም።

እቲ ኣብ መጨረሻ ብዓብላሊ ድምጺ እቶም 355 ተሳተፍቲ ዝጸደቐ ሰነድ ከኣ፣ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ንርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ተገዲፉ፣ ድሕሪኡ ብዘዳለውዎ ሰነድ ክንዲ ዝግበር፣ ኣቦና ፍራንቸስኮስ ብሓዲስ መንፈስ ሲኖዶሳውነት፣ *"ነቲ ኣበው ኣብ ሲኖዶስ ዘጽደቑዎ ከምዘለዎ ተቐቢለዮ ኣሎኹ እሞ ከምዘለዎ ናብ መላእ ቤተክርስትያን ይዘርጋሕ"*፣ ብምባል ታሪኻዊ ስጉምቲ ከምዝወሰዱ ከበሥረኩም ደስ ይብለኒ። እቲ ናይ መወዳእታ ሰነድ ከኣ፣ መእተውን፣ 5ክፍልታትን፣ መዛዘምን ዘለዎ እዩ። ዋና ትሕዝቶ እቲ ሰነድ፣ ኣብ ትንሣኤ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተመርኩሱ ንለውጥን ሕዳሰን (conversion) ውልቀ ሰባትን፣ ስድራቤትን፣ ማኅበራትን፣ ቊምስናታትን፣ ሰበኻታትን፣ ንመላእ ቤተክርስትያን ዝጽውዕን ዘተባብዕን ዕድመ እዩ። ኣርእስቲ ናይተን ሓሙሽተ ክፍልታት ከኣ እዚ ዝስዕብ እዩ፣

ሀ. **ልቢ (ሕምብርቲ)ሲኖዶሳውነት፣** -----------ብመንፈስ ቅዱስ ንለውጢ ተጸዊዕና ኢና

ለ. **ኣብ መርከብ ብሓባር፣** -------------ለውጢ ኣብ ዝምድና ጸዋዕታታትና

ሐ. **መርበብ ምውራድ፣** ------------- ለውጢ ናይ መመያን ውሳኔን ኣገባባትና

መ. **ፍርያም ግፋ ዓሳ፣** ---------------ለውጢ ኣብ ጉዕዞናን ምልውዋጥ ህያባትናን

ሠ. **"እምበኣር እልእከኩም ኣሎኹ"**---------ኣብ ኩሉ ጽፍሒ፣ ልኡካን ደቂ መዝሙር ምኹስኳስ/ምዕላም

ከም ትርእዩዎ፣ ሲኖዶሳውነት ሓደ ዓይነት መንፈሳውነት እዩ። ስለዚ ቀጻሊ ለውጢ ልቢ፣ ለውጢ ሕይወት፣ ቀጻሊ ምምላስ፣ ምእራም፣ ምምሕያሽ ምዕባይ፣ ምንሳሕ ይሓትት። እዚ ከኣ ካብ ውልቀ ሰባት ተበጊሱ ኣብ መላእ ቤተክርስትያን ክኸውን ዘለዎ እዩ። ክዕወት እንተኮይኑ ግን ኣብ ኩሉ ደረጃታት መሰረታዊ ኩስኮሳን ታዕሊምን ክግበር ኣለዎ። እንተዘይኮነ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሓለፈ ኣብ ሰነድ ተመዝጊቡ፣ ቊሩብ ኣንቀሳቒሱ ክቐህም ይኽእል። ስለዚ ብወገን ነፍስ ወከፍና ድልየትን፣ ተጸምዶን፣ መንፈስ ኃቢርካ ምጉዓዝን (ሲን-ሆዶስ) የድሊ። ብወገነይ ከምቲ ዓሚ ዝገበርክዎ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኤጳርቅናን፣ ካልኦት ዝሓቱኒ ጉጅለታትን እናኸድኩ ተመክሮይን ትሕዝቶ እቲ ሰነድን ክካፍለኩም ድልው ምዃነይ ኣረጋግጸኩም። ብሰላም የራኽበና።

+ [signature]

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፣

ሊቀ ጳጳሳት ዘበኤርትራ

P.O.Box 1990 Tel. 00291-1-1200[illegible] Fax: 00291-1-120070 Asmara - Eritrea